# ንብዓት ሓርገጽ ክደርዙ !




*ንብዓት ሓርገጽ ክሕስሱ*
*ዝሓድሩ ከይደቀሱ*
*ኩምራ ሓሶት ዝትኩሉ*
*ንዝተነድቀ ከፍርሱ ፧*

*ውዕለቶም ዝሸነን ብቊንጣሮ*
*ክብ እንተበሉ ዝምወሉ ትኳቦ*
*ናጽነት ትሓሲሞም ንመግዛእቲ ልማኖ*
*እንታይ ድኣ ክንጽበ ካብ ዕዋኖ ዝዋኖ ፧*
*ኩሉ ድኣ ይፍጠር*
*ኣብዛ ዓለምና ክነብር*
*ገለን ምዓር ይብርበር*
*ምእንቲ ህዝቡ ፡ ኣዕጽምቱ ይሰባበር*
*ገለን ሕንቃቐ ተራይዎ ፡ ከም ዕንዱ ይሰራሰር*
*በዓሊ ጋዕሲ ፡ ብሚዶ ኣጋንንቲ ይስተር ፧*

*ክትሕስስ ንብዓት ሓርገዝ*
*ዋጋ ኣለዎ ዘሕንኽ ዝኽፈል*
*መንነትካ ሼጥካ ህልም ናብ ገደል*
*ዓስቢ ውዕለትካ ንግሃነበ-ሽኦል ፧*

*ብዓል ኮምበለለ ብዓል መሃንዘል*
*ሰብእ'ኮ ኣለዋ እዛ ሓላል ሃገር*
*ኣብ ዝኾነ እዋን ፈጺሙ ዘይደናገር*
*ኣብ ብድሆ ተሳሒሉ ንብድሆ ዝግተር ፧*

*ሕተት ነቲ ገረብ ከምኡውን ነቲ ምድሪ*
*ኣጣይቕ ነቲ ጎቦ ከምኡውን ነቲ ደብሪ*
*ነሰማይ ኣንቃዕርር ኣቋምት ነቲ ባሕሪ ፧*

*ዝተኸፍለ ጅግንነት ርእሰ መስዋእትነት*
*ተሰይሩ መቑሕ መግዛእታዊ ባርነት*
*ህዝቢ ክነብር ብሰላም ብናጽነት*
*ፍስሃ ክሰንቕ ብፍቕሪ ብሓድነት ፧*
*ብዓል መሃንዘል በዲዶ*
*ምኽርኹም ናይ ኣጋንቲ ባይቶ*
*ሕብርኹም ዝቀያየር ከም ነፋሒቶ*
*እኩብ ትፍንጥሑ ከም ዘራጊቶ ፧*

*ንኹሉ ግን ኣለዎ ሕሳቡ*
*ኣበይ ከይትነፍሩ*
*ውዒልኩም ሓዲርኩም*
*ደይ ኣብ መሬት ኢኹም ክትዓልቡ ፧*

*ኤርትራ ንዘልኣለም ተኸቢራ ትንበር*
*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ ፧*

*መድሃኔ ተስፋኣለም*